## ዓውደ - መጽናዕቲ
## ተራ ወለዲ ኣብ ምእላይ መንእሰያት

ብኣተግባሪ 2ይ ሰበኻዊ ሲኖዶስ ዝተሰርዐ፣ ብ29 ሓምለ ኣብ ኣዳራሽ ብፁዕ ገብረሚካኤል መንበረ ቤተ ሊቀጳጳስ ኣብ ቁምስናታት ኣሥመራ ዝርከቡ ኣባላት ቤት ምኽሪ ምእመናን ወከልቲ ቁምስናታትን ወለዲ ዝተሳተፍዎ ተራ ወለዲ ኣብ ምእላይ መንእሰያት¡ ዝብል ዓውደ መጽናዕቲ ተዋሂቡ።



እቲ ኣስተምህሮ ብኣቶ ጴጥሮስ ኢያሱ ዝቐረበ ኮይኑ፣ ብዛዕባ ኣብ መንጎ ወለድን መንእሰያትን ክህሉ ዝግባእ፣ ናይ ፍቕርን ምብህሃልን፣ ኣብ ምክትታል (ምቊጽጻር) ውሉድ ክግበር ዝግባኣ ጥንቓቐታትን፣ ኣብ ገዛ ዘድሊ መምርሕን ኣገባብ መግናሕትን እርማትን፣ ከምኡ'ውን ክእረም ዝግባእ ወለዲ ኣብ ኣተሓሕዛ መንእሰያት ዝገብርዎ ጌጋታት ብዝርዝር ቀሪቡ። ተሳተፍቲ በቲ ዝተዋህቦም ሃናጺ ኣስተምህሮ ኣመስጊኖም፣ ተወሳኺ ሓሳባትን ሃናጺ ርእይቶታትን'ውን ሂቦም።

## ዜና- ዕረፍቲ
## ኣባ ሃብተጊዮርጊስ ዮሓንስ

ክቡር ኣባ ሃብተጊዮርጊስ ዮሓንስ (ሲታዊ) ብዝሓደሮም ሕማም ብ29 ሓምለ 2017 ዓ.ም ኣብ መበል 84 ዓመተ ዕድመኦምን 55 ክህነታዊ ኣገልግሎቶምን ኣብ ገዳሞም ኣሥመራ ዓሪፎም። ንጽባሕቱ 30 ሓምለ ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዝርከብዎም ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ሓመድ ኣዳም ለቢሶም።



ኣ ባ ሃብተጊዮርጊስ (ኣባ ጆርጆ ዓቢይ) ብ4 ለካቲት 1933 ዓ.ም ኣብ ዓዲ ዜኑ ተወሊዶም፣፣ ብወለዶምን ቁምስናን ተኾስኮሶም ድሕሪ ዓብዮም ብ1948 ዓ.ም ከኣ ኣብ ገዳም ሲታውያን ኣትዮም፣ ትምህርቶም ዛዚሞም፣ ኣብ ዓዲ ጥልያን ብምኻድ ከኣ ፍልስፍናን ተሎግያን ፈጺሞም ብ1 ሓምለ 1962 ዓ.ም ኣብ ገዳም ካዛማሪ ዓዲ ጥልያን ምስ ኣርባዕተ ብጾቶም ብኢድ ብፁዕ ኣቡነ ያዕቆብ ገብረኢየሱስ መዓርገ ክህነት ተቐቢሎም። ብድሕሪ'ዚ ናብ ዓዶም ተመሊሶም ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዘሎ ገዳማት ዘማኅበረ ሲታውያን ብዝተፈለየ መዝነት ንማሕበሮምን ቤተክርስቲያኖምን ኣገልጊሎም።

## ዓቢይ መብጽዓ
## ኣብ ደናግል ኦርሰሊነ

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ መንግስቲ ኣምላኽ ኢሉ ቤት. . .ኣሓት ወይ ወለዲ . . .ዝሓደገ፡ ኣብዚ ዓለም እዚ ብዙሕ ካዕበት፡ ኣብታ እትመጽእ ዓለም ከኣ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ዘይረክብ የልቦን¡ (ሉቃ.18፡ 29-30) ቢሉ ከም ዘተስፈወና፣ ነዚ ጸዋዕታ'ዚ ብምቕባል በብጊዚኡ ንኣገልግሎት ኣምላኽ ዝውፈዩ ዉፉያት ኣምላኽ ይህበና ኣሎ። ሓደ ካብኡ ከኣ 30 ሓምለ 2017 ኣብ ቁምስና ደብረ በኣታ ማርያም ኣሥመራ 10 ኣሓት፥ ደናግል ኦርሰሊነ እናቴ ወርቁ ተ/ብርሃን፣ እናቴ ሓዋርያት ተስፋጊዮርጊስ፣ እናቴ ሉቺያ ፍረዝጊ፣ እናቴ ሳባ ኤማን፣ እናቴ ሺሻይ የማነ፣ እናቴ ዋለት ተስፋይ፣ እናቴ ይርጋኣለም ድራር፣ እናቴ ረድኤት ሰሎሞን፣ እናቴ ሰምሃር ሴፉ፣ እናቴ ሮዛ ኣብርሃ፣ ብዓቢይ መብጸዓ ንኣምላኽ ተወፊየን። ከምኡ'ውን እናቴ ብርኽቲ ክፍለን እናቴ ጽገወይኒ ሰሎሞንን ናይ 25 ዓመት ውፉይ ሕይወተን ብምስጋና ዘኪረን።

ተመባጻዕቲ ኣብቲ ብብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ኣብ ዝተመርሐ 22 ካህናት ዝተሳተፉዎ መስዋዕቲ ቅዳሴ ማሕለአን ፈጺመን። ብኣሕሉቐንን ኹለን ዓበይትን ናእሽቱን ኣሓተንን ወለደንን ቤተሰበንን ተሰኒየንን ተዓጂበንን ከኣ መብጸዓአን ጸምቢለናኦን ኣሐዲሰንኦን ዊዒለን።



ብፁዕ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ኣብ ዘስምዕዎ ቃል ወንጌል፥ ነቲ ኢየሱስ ብሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ ሕዝቢ ብተኣምራት ከም ዝመገበ ዝዛረብ ክፍሊ ቅዱስ ወንጌል ጠቒሶም፣ ኩልና ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበና ፍሉይ ህያብ ኣሎና። ነዘን ኣሕዋትና ከኣ ኣምላኽ ክጽወዐን ከሎ ገሊኣን ናይ ምምሃር፣ ገሊኤን ናይ ጥበብ፣ ገሊአን ናይ ጽሬት በብዓይነቱ ህያብ ኣለወን። ኩሉ ከኣ ነናቱ ኣበርክቶ ኣለዎ። ነዚ ዘሎና ህያብ ንኣምላኽ እንተሂብናዮ ኣምላኽ ባዕሉ ኢዩ ብተኣምራት ዘብዝሖን ዘዕበዮን። ሓዋርያት ኢየሱስ ብማየማይ ከኸይድ ምስረኣይዎ ፈሪሖም ሰንቢዶም። ምስኦም ምስ ኮነ ከኣ ኩሉ ሃዲኡ፣ ንሕና'ውን ኣብ ጉዕዞና ማዕበል፣ ፈተና ኩሉ ግዜ ኣሎ፣ ምስ ክርስቶስ እንተ ተጓዒዝና ግን ኩሉ ባዕሉ ጸጥ ከብሎ ኢዩ።

መብጽዓ- ወፈያ ናይ እምነት ስራሕ ኢዩ። ንመብጽዓና ንምናኔናን ተወፋይነትናን ብእምነት ንግበሮ።ንስኻትክን ውፉያት ኮይንክን ክተገልግላ ከለክን ንሱ ባዕሉ ከብዝሖ ኢዩ። ንሕና ምስ ቅ.ጳውሎስ ኮይና ኢና። ነቲ ብድሕረይ ዘሎ እናረሳዕኩ፣ ናብቲ ኣብ ቅድመይ ዘሎ ኣቢለ እናተመጣጠርኩ፣ ናብቲ ሕንጹጽ ዕላማ ኣቢለ፣ ናብቲ ዓስቢ ዓወት ናይ ሰማይ ጽውዓ ኣምላኽ ብክርስቶስ ኢየሱስ እጐዩ ኣሎኹ እንብል¡። ድሕሪ ምባል፡ ንማሕበር ንወለዲ ንመላእ ቤተክርስቲያን እንቋዕ ሓጐሰና ኢሎም። ድሕሪ ቅዳሴ ምስ ኩሎም ቀዳስያንን ደናግልን ዕዱማትን ቤተሰብን ምእመናንን ኣብ ቀጽሪ ቁምስና ብሓባር ኣብ ናይ ቁርስን ምሳሕን መደብ፡ ግጥምታትን ናይ እንቋዕ ሓጐሰክን መልእክታትን ተንቢቡ። ኣብ መጨረሻ ድማ ወኪል ሓለቓ እ.ሮዚና ኢዮብ፡ ብመጀመርያ ንተመባጻዕቲ፡ ንማሕበርን ንወለድን ብሓባር እንቋዕ ሓጐሰና ኢለን፡ ንተሳተፍቲ ኣመስጊነን።

ኣብ መወዳእታ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ መዕጸዊ ጸሎት ገይሮም፡ ኩሉ ዕዱም ነናብ ቦቱኡ ተሰናቢቱ።





# ብሥራት

ሓምለ 2017 ዓ.ም.ፈ ኅታም ቊ.114 ካቶሊካዊ ቤትጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy Asmara)

# መንፈስ ቅዱስ ጎይታን መድኃንን ወሃቢ ሕይወትን

### መልእኽቲ (ኣስተምህሮ) ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
### ንዘመነ ጰራቅለጦስ
### (መቐጸልታ)

## 3. መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወት ክርስትያን

* እቲ ኣቦ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ ንሱ ንኩሉ ኪምህረኩም፣ ነቲ ኣነ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ። (ዮሓ.14፣16)
* ነቢይ ኢዮኤል (ግሓ.2፣16-21)
* ታሪኽ ግምቢ ባቢሎን (ዘፍ.11፣1-9)
* ጴራቅሊጦስ ዘዘኽረና፣ ጠበቓ ዝኾነ መንፈስ ሓቂ

ስለዘድልየና እዩ ኢየሱስ ክሰደልና ዝመረጸ፣፣ ግና ብሓቂ ህላዌኡ ይስምዓናዶ? ኣብ ግሓ/2፣1-9 ንሳቶም ኣብ ጽርሓ ጽዮን ምስ ማርያምን ካልኦት ኣንስትን ብጽሞናን ብትዕግስትን ብጸሎትን ክጽበዩ ከለው፣ ኣብቲ መዓልቲ




ጴንጠቆስጠ (መዓልቲ ሓምሳ) ጴራቅሊጦስ መንፈስ ቅዱስ ብዓቢይ ሓይሊ ኣብ ነፍሲ ወከፎም ከምዝተኻዕወ፣ ከምዝወረደ ግብረ ሓዋርያት ይገልጸልና፣፣ እዚ ኣገደስቲ ነጥብታት ኣለዎ ፣ ርደት መንፈስ ቅዱስ ኣብ መዓልቲ ጰራቕሊጦስ (በዓለ ሓምሳ) (ግብሪ ሓዋርያት 2፣1-13)፣፣

1. ክርስቶስ ዝሃቦ ተስፋ ተፈጸመ፣ እቲ ክርስቶስ ዝሃቦ ተስፋ ኣብ ጰራቅለጦስ ተፈጺሙ፣ ፍጻሜኡ ተራእዩ፣ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያት ወሪዱ።
2. ቤተክርስቲያን ብወግዒ ተሠረተት፣ ቤተክርስቲያን ሽዑ መዓልቲ ብወግዒ ተሰሪታ፣፣ ሓዋያት ኣዕኑደ ቤተክርስቲያን (ኣዕማደ ቤተክርቲያን) ኮይኖም ኣብ ርእሲ እዞም ኣመንቲ እዚኦም ከኣ ክርስቶስ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ንቤተክርስቲያን ሰሪሑዋ። ሽዑ መዓልቲ ተወሊዳ፣፣
3. ዓለምለኻዊ ተልእኾ ቤተክርስትያን ተመረቐ፣
4. ካቶሊካውነት ቤተክርስቲያን ተገልጸ (ካብ ኩሉ ዓሌትን ቋንቋን ዝመጹ ሰሚያምን ርእዮምን)

ጰራቕሊጦስ ናይ ኅብረትን ምትእኽኻብን ዓሚቝ ተመክሮ ክኸውን ከሎ፣ ብኣንጻሩ ግምቢ ባቢሎን ናይ ምፍልላይን ምዝራግን ተመክሮ ነበረ፣፣ ኣብታ ቀዳመይቲ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ዝጸሓፋ መልእኽቱ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ውህበታት መንፈስ ቅዱስ መግለጺ ድሕሪ ሂቡ፣ ኣነጺሩ ኵሉ ብሥርዓትን ብኣገባብን ደኣ ይኹን¡ (1ቆሮ.14፣26-40) እናበለ ይዛዝሞ፣፣ ሎሚ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ቤተክርስቲያንና እውን ስምምዕን ሥነ ሥርዓትን እምበር ዕግርግርን፣ ህልኽን፣ ውድድርን፣ ኣየምጽእን እዩ፣፣ ምፍልላይ እንተሎ፣ ባእሲ እንተሎ፣ ህልኽ እንተሎ፣ ካብ ትዕቢትናን ካብ ዲያብሎስን ጥራይ እዩ ክመጽእ ዝኽእል፣፣

ቅዱስ ባስልዮስ ሳላ መንፈስ ቅዱስ ናብ ገነት ተመለስና፣ ከም መጠን ደቂ እግዚኣብሔር ናብ መንግሥተ ሰማያት ዳግም ክንኣቱ፣ ንእግዚኣብሔር ኣቦ ቢልና ክንጽውዖን ኣብ ጸጋ ክርስቶስ ክንሳተፍን፣ ደቂ ብርሃን ክንስመ፣ ናይቲ ዘለዓለማዊ ክብሪ ተኻፈልቲ ክንከውን ክኢልና¡ (ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ (15፣36, ግ/ ኣበው 32,132)፣፣

## <u>ቅዱስ ቄርሎስ በዓል እስክንድርያ ከምዚ ብሎ፣-</u>

ነቲ ሓደ መንፈስ፣ ማለት መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበልና ኵልና፣ ብገሊኡስ ምስ ሓድሕድናን ምስ ኣምላኽን ከምዝተሓዋወስና ኢና፣፣ ስለዚ ክርስቶስ ምስ ኣቦኡን መንፈስ ቅዱስን ሓቢሩ ናባና ዚመጽእን፣ ኣባና ዝነብርን እንተደኣ ኮይኑ፣ ብዙኃት ድአ ንኹን እምበር፣ እቲ መንፈስ ሓደ ንሱ ዘይመቓቐል እዩ፣፣ ንናይ ነፍስ ወከፍ መንፈስ ኣራኺቡ የተኣሳስሮ፣፣ ንኵልና ከኣ ኣብኡ ሓደ ከምእንኸውን ይገብረና፣፣ ናይ ክርስቶስ ዝተቐደሰ ሥጋኡን ነቶም ምስኦም ዚነብር ናብ ሓደ ኣካል ከምዚጥርንፎም፣ ብተመሳሳሊ መንገዲውን እቲ ኣብ ኵሎም ዚነብርን ሓደን ዘይከፋፈልን መንፈስ ኣምላኽ ንኵሎም ናብ መንፈሳዊ ሓድነት ይመርሖም¡ (ቅዱስ ቄርሎስ ዘእስክንድርያ ኣብ ወንጌል ዮሓ.11፣11, ግ/ኣበው 7፣561)፣፣

መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዙኅ ፍረ እንተፈረኹም፣ ኣቦይ በዚ ኪኸብር እዩ፣ ንስኻትኩም ከኣ ደቂ መዛሙርተይ ክትኾኑ ኢኹም¡ (ዮሓ፣15፣8)፣፣ ኬድኩም ፍረ ምእንቲ ክትፈርዩ፣ ፍረኹምውን ምእንቲ ነባሪ ክኸውን ሸምኩኹም¡ (ዮሓ.15፣16) ዝበሎ እምበኣር ኣብ ሕይወትና በዚ ምኽንያት እዚ ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ከተሓድሶ ኣዘክረካ ኣሎኹ፣፣ ከመይ ኣምላኽ መንፈስ ኃይልን፣ ፍቕርን፣ ገዛእ ርእስኻ ምግታእን፣ እምበር መንፈስ ፍርሃት ኣይሃበናን¡(2ጢሞ.1፣6-7)ክብል ቅ.ጳውሎስ ዝሃበና ምኽሪ'ውን ነዚ ናይ ጐይታና ቃል ኽንነብሮ ዘተባብዕ ኢዩ፣፣



መንፈስ ቅዱስ ውህበታቱ ከምዝደለዮ ይዕድሎ እዩ፣፣ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብቲ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ዝጸሓፎ ቀዳማይ መልእኽቱ እምበኣርከስ በብዓይነቱ ውህበት ኣሎ፣ መንፈስ ቅዱስ ግና ሓደ ንሱ እዩ፣፣ በብዓይነቱ ኣገልግሎት ኣሎ፣ ጐይታ ግና ሓደ ንሱ እዩ¡ (1ቆሮ.12፣4-5) ምስ በለ፣ እዚ ውህበትታት እዚ ግና ብመንፈስ ቅዱስ ንጥቕሚ ብዙኃት ንነፍስወከፍ ይወሃብ እዩ¡ (1ቆሮ.12፣7) ይብለና፣፣

## 12 ፍረታት መንፈስ ቅዱስ (ገላ.5፣22-23)

ፍቕሪ፣ ሓጐስ፣ ሰላም፣ ትዕግሥቲ፣ ልግሲ፣ ሕያውነት ርኅራኄ፣ ተኣማንነት (እሙን ምዃን) ለውሃት፣ ርእስኻ ምግታእ ተዓቕቦ፣ (ሚዛናውነት መጠንነት) ንጽሕና እዮም፣፣ ብመንፈስ ሕይወት ዝረኸብና እንተደኣ ኾንና ብመንፈስ ንንበር¡ (ገላ 5፣25)፣፣

ብኣንጻሩ ፍረታት መንፈስ ዓለም ወይ ሥጋ እዞም ዚስዕቡ እዮም፣ ምንዝርና፣ ርኽሰት፣ ዝርጋን፣ ኣምልኾ ጣዖት፣ ጥንቆላ፣ ጽልኢ፣ ባእሲ፣ ቅንኢ፣ ቍጥዓ፣ ገዛእ ርእስኻ ምፍታው፣ ምፍልላይ፣ መናፍቕነት፣ ቅንኣት፣ ስኽራን፣ ጓይላ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ካልእœውን እዩ¡ (ገላ.5፣19-21) ፣፣

## 7 ህያባት መንፈስ ቅዱስ፣፣

ኣብ ትምህርተ ክርስቶስ ከምዝተመሃርናዮ ብምሥጢረ ሜሮን፣ መንፈስ ቅዱስ 7 ፍሉያት ህያባትውን፣ ማለት ጥበብ፣ ኣእምሮ፣ ምኽሪ፣ ጽንዓት፣ ፍልጠት፣ መንፈሳውነት፣ ፍርሃት እግዚኣብሔር፣ ይህበና እዩ፣፣ ንሳቶም ከኣ ኣብዚ ዓለም ተባዓት መሰኻኽር ክርስቶስን፣ ትጉሃት ኣገልገልቲ ኣኅዋቶምን፣ ክንኸውን ዝሕግዙና ውህበታት እዮም፣፣

መንፈስ ቅዱስ ድማ ንድኻምና ይድግፎ እዩ፣፣ ከመይ ገይርና ክንጽሊ ከምዚግበኣና ኣይንፈልጥን ኢና፣ ግና እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ፣ ብዘይንገር እህህታ ዚጽልየልና፣፣ እቲ ልቢ ዚምርምር እግዚኣብሔር ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓሳብ እንታይ ከምዝኾነ ይፈልጦ እዩ፣፣ ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ እቶም ቅዱሳን ዚጽልዮ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ገይሩ እዩ፣ ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቕሩ ከም መደቡውን ዝተጸውዑ ግና ኵሉ ንሠናይ ከምዝድግፎም ንፈልጥ ኢና¡ (ሮሜ. 8፣26-28)፣፣

ግና ኣቱም ጐይታ ዘፍቅረኩም ኣኅዋትና፣ ኣምላኽ በቲ ቀዳሲ ዝኾነ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሥራሕን፣ ብሓቂ ብምእማንኩምን ካብ ጥንቲ ንድኅነት ስለዝኃረየኩም፣ ብዛዕባኹም ንኣምላኽ ኵሉሳዕ ከነመስግኖ ግቡእና እዩ፣ ንሱ ንኽብሪ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ክትረኽብዎ ኢሉ በቲ ንሕና ዝሰበኽናዮ ወንጌል ጸውዓኩም፣፣ እምበኣር ኣቱም ኣኅዋትና፣ ጸኒዕኩም ቁሙ፣ ነቲ ብቓል ኮነ ብመልእኽትና ዝመሃርናኩሞ ከኣ ኃዝዎ፣፣ ባዕሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ እቲ ዘፍቀረና፣ ብጸጋኡ ከኣ ዘለዓለማዊ ምጽንናዕን ሠናይ ተስፋን ዝሃበና ኣቦናን፣ ንልብኹም የጸናንዕ፣ ሠናይ ንምግባርን፣ ንምዝራብን፣ ከኣ የብበርትዕኩም¡(2ተሰሎ 2፣3-17)፣፣

## ብዘይካ መንፈስካ ቅዱስ እንተይኾኑ፣

- ኣምላኽ ርሑቕ እዩ፣
- ክርስቶስ ከኣ ጊደ ታሪኽ ጥራሕ ኮይኑ ይተርፍ፣
- ወንጌል ሓደ ምውት ፊደል እዩ።
- ቤተክርስትያን ሓንቲ መንም ማኅበረሰብ ወይ ከኣ ውድብ እያ።
- ሥልጣን ማለት መግዛእቲ እዩ።
- ተልእኮ ወንጌል ሓደ መንም ፕሮፓጋንዳ እዩ።
- ሥርዐተኣምልኾ እውን መናፍስቲ ምጽዋዕ ወይ ጥንቆላ እዩ።
- ክርስትያናዊ ተግባራትውን ግብረባርነት ምዃኑ ዘይተርፎ እዩ።



## ምስ መንፈስ ቅዱስ ግን፣

- ዓለም እናበኸየ ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ገጹ ይትንሥእ።
- እቲ ዝተንሠአ ክርስቶስ ሕያውን ህልውን እዩ።
- ወንጌል ናይ ሕይወት ኃይሊ እዩ።
- ቤተክርስቲያን ድማ ኣብ ናይ ቅድስቲ ሥላሴ ሕይወት ሱታፌ ማለት እዩ።
- ሥልጣን ሓራ ዘውጽእ ኣገልግሎት እዩ።
- ሥርዐተ ኣምልኾ ናይቲ ኪኸውን ዘለዎ ሱታፌ እዩ።
- ሰብኣዊ ስራሕ መለኮታዊ መልክዕ ለቢሱ ማለት እዩ‰¡

(እግናጽዮስ ፬ይ ሓኪም ካቶሊካዊ ፓትርያርክ ኣንጾኪያ)



ከባቢ.ታት፡ ወኪል ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከሌዛን ኣቶ ሰሎሞን ሃይለ፡ እናቴ ንጽህቲ ወ/ሚካኤል በብወገኖም ቃል ምስጋናን ለበዋን ሂቦም።

ኣብ መወዳእታ ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ፡ ነቲ ኣጆሚሩ ዘፈጸመና ልዑል እግዚኣብሔር ምስጋና ይኹን ድሕሪ ምባል፡ ነቶም ኣብ ምስራሕ እቲ ቤት ትምህርትን ምጽጋን ቤተ ክርስትያንን ብሞያን ግብረ ሰናይን ዘገልገሉ፡ ኣቶ ሃይለ፡ ጆሚ.ክብረኣብ፡ ኣቶ ቴድሮስ፡ ቀሺ መርሃዊ፡ ኩሎም መምህራንን ኣውቲስትን ኣመስጊኖም። ቀጺሎም እዚ ተገይሩ ዘሎ ህንጻ ብዝግባእ ንኸገልግል ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሓላፍነት ክስምዖ ሓደራ ኢሎም። ነቲ ዝተቐረበ ናይ ሓኅስ እኽለ ማይ ብምስታፍ ድማ ፍጻሜ ናይቲ በዓል ኮይኑ ዕዱማት ነናብ ቦታኦም ተመልሱ።

(ሓጺር ታሪኽ ናይዛ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዚመጽእ ኅታም ብሥራት ከነውጽኦ ኢና)

## ፍሉይ ትምህርቲ ንተመሃሮ ዓቢይ ዘርኣክህነት ርእሰ ኤጳርቅና

ዓበይቲ ተመሃሮ ዓቢይ ዘርኣክህነት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ፣ ኣብ ክረምታዊ ሓዋርያዊ ስርሖም ኣብ ምምሃር ትምህርተ ክርስቶስ ዝሕግዞም ካብ ዕለት 17-19 ሓምለ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ስልጠና ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ተዋሂብዎም።

እቲ ትምህርቲ ንሰለስተ መዓልቲ ናይ ንግሆን ድሕሪ ቀትርን ዝተዋህበ ኮይኑ፣ ምስኡ ከኣ መስዋዕተ ቅዳሴን ጸሎት መቍጸርያን ምስ ምእመናን ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ምስታፍን ጸሎት ሰዓታት (ዳዊት) ድማ ምስ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣብ ቤት ጸሎቶም ምስታፍ ኣካል እቲ መደብ ኢዩ ነይሩ። እቲ ኣስተምህሮታት መብዛሕቲኡ ብካህናት ርእሰ ኤጳርቅና ዝቐረበ ኪኸውን ከሎ፣ ኣብቲ ቀዳማይ መዓልቲ ምስ መዝገበ ሃይማኖት ምልላይ¡ ብዝብል ኣርእስቲ ኣባ ከሰተ ገ/ዮሓንስ መእተዊ ገይሮምሎም። ናይ መጽሓፈ መዝገብ ሃይማኖት፣ ሓፈሻዊ ታሪኻዊ ሰረት፣ ማለት ካብ ነዊሕ እዋናት ይድለን ይሕሰብን እኳ እንተነበረ ድሓር ግን ብ1985 ሲኖዶስ ኣቡናት ኣብ ዝነበረሉ፣ ናይ መበል 20 ዓመት ምኽርን ገምጋምን ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካን ኣብ ዝተኻየደሉ፣ ከም ኣርእስቲ ተላዒሉ ብበዓል ካርዲናል ዮሴፍ ራትዚንገር (ሕጂ ር.ሊ.ጳ በነዲክቶስ መበል 16) እቲ ስራሕ ከም ዝተጀመረን ከም ዝቀጸለን፣ ኣጀማምራኡን ምዕባለኡን ብዝርዝር ገሊጾም።ቀጺሎም ከኣ ነቲ እምነትና፣ ግብረ ኣምልኾና ጸዋዕታ፣ ወዲ ሰብ፣ ጸሎት ክርስትና ዝብል ኣርባዕተ ክፋላት ትሕዝቶ መዝገበ ሃይማኖት ከምœኡ ውን ንኣጠቓቕማኡ ዝምልከት ሓጺር መብርሂ ሂቦም።

ኣብቲ ናይ ካልኣይ መዓልቲ ኣስተምህሮኦም ኣባ ከሰተ ብዛዕባ ኣገባብ ኣመሃህራ ትምህርቲ ክርስቶስ እንከቕርቡ፣ ኣመዓባብላን ታሪኻዊ ኣመጻጽኡን ማለት፣ ኣገባብ ኣመሃህራ ትምህርቲ ክርስቶስ በብደረጅኡ፣-

ናይ ቀዳማይን 2ይ ክፍለ ዘመን ኣገባብ፣ ኣመሃህራ ትምህርተ ክርስቶስ፣ ዘመነ ትምህርቲ ክርስትና ክሳዕ 5ይ ክፍለ ዘመን ናይ ማእከላይ ዘመን ካብ 5 ክሳዕ 15 ክፍለ ዘመን፣ ካብ 15 ክፍለ ዘመን ንድሕሪት ዘሎ ኣገባባ በብግዚኡን ዓይነቱን ተንቲኖም። ከምኡœውን ኣገዳስነትን ኣገባብን ኣመሃህራ ትምህርተ ክርስትና ኣረዲኦም። ኣብ ትምህተ ክርስቶስ ሓቀይናን ንጡፉን እምነት ሓጋዚ ምዃኑን፣ ንኣመሃህርኡ ዝምልከት ከኣ ምስቲ ናይቲ ሕዝቢ ባህልን ልምድን ተዛሚዱ ክኸይድ ከም ዝግባእ ኣገንዚቦም።ኣብ ዝቐጸለ መደብ ኣባ ሃይለ ጳውሎስ ኢዮም ዕለታዊ ጸሎታት ኣብ ቁምስና¡ ብዝብል ኣርእስቲ ሚሂሮም። ካብ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ተሰሎንቄ ኩሉሳዕ ተሓጎሱ ከየቋረጽኩም ጸልዩ፣ ብኹሉ ኣመስግኑ ከመይ ኣብቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዘሎኩም ሕይወት ኣምላኽ ዚደልዮ እዚ እዩ¡ (1ተስ5፣16-18) ዝብል ጠቒሶም። ብፍላይ ድማ ነታ¡ ከየባተኽኩም ጸልዩ እትብል ቃል ብከመይ ብሕይወት ከም ትንበር ምሂሮም። እዚ ማለት ከኣ ብጸሎታት ናይ ንግሆ ጆሚርካ ምሉእ መዓልቲ ዝግበር ጸሎት ማለት ኢዩ።

1ይ ኦ ኣምላኽ ክንዲ ዝፈጠርካኒ ክርስትያን ክንዲ ዝገበርካኒ‰ ዝብል፣ ኣብ ማና ጸሎታት ዘሎ ጸሎት ጆሚሮም፣
2ይ መልኣከ እግዚኣብሔር (ከም እዋኑ፣ ከም ልማድ እቲ ሕዝቢ ብግእዝ ወይ ትግርይና)
3ይ ጸሎት መሎኮታውያን ኃይላት
4ይ ሊጣንያ ቅዱስ ልቢ ኢየሱስ
5ይ ሊጦንን መንፈሳዊ መተሓሳሰብን ብፍላይ ቅዳሴ ኣብ ዘይብሉ ዓድታት ምስቲ ልማዶም ብዘይጋጮ ኣገባብ ኪዝውተር ከም ዝግባእ ኣዘኻኪሮም።

ኣኽቲሎም ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ሜላ ጉስነት ነፍሳት¡(Pastoral Methodology) ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ከመይ ገይርካ ነፍሳት ትጓሲ ኣብ ጉስነት ነፍሳት እትገብሮ ኣገልግሎትን ትሕዝቶኡን ገሊጾም። ንኣስተምህርኦም ዘሰኒ ጥቅስታት ካብ መልእኽቲ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ጢሞቴዎስን ቲቶስን ግብረ ሓዋርያትን ጠቒሶም፣ ሓደ ሓዋርያ ከመይ ዝበለ ሕይወትን ኣገልግሎትን ክህልዎ ከም ዝግባእœውን ኣስተምሂሮም። ቀጺሎም ነተን ብሥራት (kerygma) ስማዕትነት (Marturia) ሊጡርግያ (Liturgia) ኅብረት (Koinoia) ኣገልግሎት (Diakonia) ትምህርቲ ወይ ታዕሊም (Didache) ዝብላ ሽዱሽተ ቀንዲ ናይ ቤተክርስቲያን ሕይወትን ዕማማትን(ኣገልግሎትን) ዝገልጻ ሓሳባትን ንኣፈጻጽመኣን ዝሕግዝ ዓንኬል ሓዋርያዊ መደብ (Pastoral Circle)ዝተሰመየ ኣገባብ ኣወጻጽኣ ሓዋርያዊ መደብ ማለት፣-

ነዘን ኩለን ስራሕ ናይ ቤተክርስቲያን ዝገልጽ ዕማማት፣ ከመይ ገይርካ ክትፍጽመን ትኽእል ኣርባዕተ ደረጃታት፣

- ነቶም እተገልግሎም ኣብቲ ቦትኦም ኣቲኻ ወይ ሰጢምካ ህያባቶም ምልላይ እንታይነቶም ምልላይ፣
- ስለምንታይ ከምœኡ ኮይኑ ኢልኻ ምኽንያት ክ ት ደ ል የ ሉ ምፍታን፣
- ዕሙቕ ዝበለ ኣስተንትኖ ምግባር፣ ኢየሱስ ኣብ ቦታይ እንታይ ምገበረ ኢልካ ገምጋም ምግባር።

ኣብኡ ተመስሪተካ ሓዋርያዊ መደባት ምግባር። ማለት እቲ ሱር ኣጽንዕካ ስለ ዘለኻ እትዕወተሉ መደብ ምሕንጻጽ ዝብል ኣገዳሲ ኣብ ክልተ መዓልቲ ዝቐረበ ትምህርቲ ሂቦም።

ኣብዚ መደብ ሳልሰቲ፣ ተመሃሮ ካብ መጽሓፈ ቅዳሴ፣ ግብረ ክህነትን ዲቁናን ብፍላይ ከኣ መስተብቁዓት ብቀሺ መሓሪ ላእከ ተማሂሮም። ተወሳኺ መኣረምታትን ምኽርታትን ብዛዕባ ስርዓታትœውን ገይሮምሎም።

ክቡር ኣባ ተኽለሚካኤል ተወልደ ማሕበር (ልኡካን) ብወገኖም ብቅ.መጽሓፍ ምጽላይ (Lectio Divina) ንዝብል ኣርእስቲ እንኪገልጹ መጀመርያ ነቲ ቃል እግዚኣብሔር ንምስትንታን ዘድልዩ ምቕርራብ ማለት፣-

- እምነት ኣብቲ ቃል ዘሎ ኢየሱስ ምግባር፣
- ለውጢ ሕልና ኣብ ቅድሚœቲ ቃል፣
- ብተስፋ ንመንፈስ ቅዱስ ምዕዳም
- ሕብረት ምስ ቤተክርስቲያን
- ሓድነትን ኩላውነትን (ምልኣት) ቅዱሳት መጻሕፍቲ

ምሕላዉ ንዝብሉ ንኡሳት ኣርእስታት ተንቲኖም ኣረድኡ። ከምኡœውን ብዛዕባ ኣገባብ ኣፈጻጽማ ምክፋል ቃል ኣምላኽ (Sharing)ብሰፊሑ ኣስተምሂሮምዎም።

ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ብዛዕባ ካቶሊካዊ መልስታት¡ ዘስተምሃሩ ኣባ ቶማስ ነጋሽ፣ ካቶሊካውያን መልስታት ኽትህብ ቅድም ንርእስኻ ሓቀኛ ካቶሊካዊ መንነትካ ኣነጽር ብዝብል ሓሳብ ዝተጀመረ ትምህርቲ ቅድም ነቲ ሕቶታት ንገዛእ ርእስኻ መሊስካ ኢኻ ድሓር ንዝሓተካ ምላሽ ክትህብ እትኽእል ምእንቲœዚ፣ ቅዱስ መጽሓፍ መዓልታዊ ምንባብ፣ መዝገበ ሃይማኖት (ካብ መጀመርያ-መወዳእታ) ትሕዝቶኡ ምፍላጡ፣ ካቶሊካውያን መልስታት ዘለዎም ጽሑፋት ምእካብን ምጽናዕን የድሊ ኢሎም። በዚ ከኣ እቲ ናይ ሰለስተ መዓልቲ መደብ ስልጠና ተዛዚሙ።

# ዜናን ንጥፈታትን ርእሰ ኤጳርቅና

## ሱባኤ ካህናት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ

ወርሓት ሓምለን ነሓሰን ብሓፈሽኡ፡ ኣብ ገዳማትና ናይ መንፈሳዊ ምሕዳስ ፍሉያት ኣዋርሕ ኢየን ክበሃል ይከኣል። ምኽንያቱ እቲ ከም ብሓድሽ ብመንፈስ ተመሊእካ ናብቲ ግራት ስብከተ ወንጌል ክትከይድ ኣገዳሲ ተራ ዘለዎ ዓመታዊ ሱባኤታት ዝስረዓሉ ጊዜ ስለ ዝኾነ። እምበኣር ካህናት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ`ውን ብመሰረት እቲ ብቤት ጽሕፈት መንበረ-ሊቀ ጳጳሳት ዘኣሥመራ ዝተዳለወ መደብ ካብ 02 ሓምለ 2017 ክሳብ 08 ሓምለ 2017 ኣብ መካነ ሱባኤ ደናግል ክላሪስ መንደፈራ ዓመታዊ ሱባኤ ገይሮም።

ነዘን መዓልታት ኣብ መንፈስ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ ክኣትዉ ዝሓገዙ ሰባኺ ክቡር ኣባ ጠዓመ ገ/ዮሓንስ ኣባል ማሕበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ ኮይኖም፡ ካብ ምሸት ሰንበት 02/ሓምለ/2017 መእተዊ ጀሚሮም ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዝኸውን ክክልተ ኣስተምህሮታት ብምሃብ ኣገልጊሎም። ኣርእስታት እቲ ኣስተምህሮ ድማ፡ ብዛዕባ ኣድላይነት ጽሞና ኣብ መንፈሳዊ ምድረበዳ፡ እምነት፡ ጸሎት፡ መስቀል፡ ይቕሬታ (ምሕረት)፡ ፍቕሪ፡ ጸዋዕታ፡ መዛሙር ዳዊት መግለጺ ኩሉ መንፈሳዊ ሕይወትና፡ ጸዋዕታ እግዚእትነ ማርያም ዝብል ይርከቦ።

ነዚ ኣርእስታት`ዚ ብጥቕስታት ቃል ኣምላኽን፡ ቅዱሳንን ትምህርቲ ቤተ ክርስትያንን ኣሰንዮም፡ ኣብ ሕይወት ክርስትና፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ሕይወት ካህን ሰበኻ ዘለዎም ቦታ ኣስፊሖም ገሊጾም።

ኣብዚ ሱባኤ`ዚ ኣብ ርእሲ እቲ ስሩዕ መዓልታዊ መደባት ሓባራውን ግላውን ጸሎታት፡ ዕለት መጸ ኣብ ዝዓርግ መሥዋዕተ ቅዳሴ ብናይ ዕለቱ ሰራዒ (ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት፡

ኣባ ከሰተ፡ ኣባ ሃይለ፡ ቀሺ መሓሪ፡ ኣባ ዮናስ) ምስ ናይ ዕለቱ



ንባባት ዝኸይድ ስብከት ቃል ኣምላኽ ይወሃብ ነበረ። ካልእ ነዚ ናይ ሱባኤ ጊዜ ፍሉይ መቐረትን መንፈስን ዝፈጠረሉ ድማ ናይ ``ብቅ.መጽሓፍ ምጽላይ`` (lectio divina) መደብ ኢዩ ነይሩ። ብኩሎም ካህናት ዝተፈትወ ክፍሊ ናይቲ ሱባኤ ድማ ነበረ።

ኣብዚ ሱባኤ`ዚ ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት ዝርከብዎም 17 ኣባላት ተሳቲፎም፡ እዚ ማለት ካብቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከቡ ካህናት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ክሳተፉ ዝግብኦም ዝተረፈ ኣይነበረን። ስለዚ እውን ሕቡር መደብ ነይሩ።

## ቁስቋም ጀገርተኣብ

ጀገርታብ ብሃገራዊ ካርታ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከሌዛን እትርከብ፡ ብካርታ ቤተ ክርስትያን ድማ ኣካል ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራን መንበረ ሊቀ ካህናት ዓዲተከሌዛንን ኢያ። ኣብዛ ሓውሲ ቁሸት ዓዲ እዚኣ ካብ 1960 ዓ.ም.ፈ. ጀሚራ ንከባቢ 11 ቁሸታት ኣገልግሎት እትህብ መባእታ ደረጃ ካቶሊካዊት ቤተ-ትምህርቲ ኣላ። እዛ ብዙሕ ውረድ ደይብ ዝሓለፎ ታሪኽ ዘለዋ ቤት ትምህርቲ እዚኣ ክሳብ ሕጂ ብደረጃ መባእታ ኣገልግሎት ክትህብ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብዚ ዚመጽእ ዓመተ ትምህርቲ 2017/2018 ናብ ማእከላይ ደረጃ ክብ ንምባላ ብዝወጸ መደብ ነቲ ዝነበረ ህንጻ ናይ ምሕዳስን፡ ሓደስቲ ክፍልታት ናይ ምውሳኽን መደብ ተታሒዙ ብመንበረ ሊቀ ጳጳሳት ተፈጺሙ።



ስለዚ ድማ ነዚ ሓድሽ ህንጻ`ዚ ንምምራቕ ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ምስ ኣወሃሃዲት ክፍሊ ትምህርቲ ካ.ቤ.ር.ኤ.ኣ. እናቴ ንጽህቲ ወ/ሚካኤል፡ ሊቀ ካህናት ዘመንበረ ዓዲተከሌዛን ኣባ ዮናስ ንጉሰን፡ ኣባ ቶማስ ነጋሽን ነቲ ናይ ምህናጽ መደባት ዝመርሑ ሰብ ሞያን ካልኦትን ብዕለት 13 ሓምለ 2017 ናብ ጀገርታብ ከይዶም። ነቲ ጽጉም ጽርግያ ሓሊፎም ኣብቲ ዓዲ ምስ ኣተዉ ክቡር ቆሞስ ቀሺ መርሃዊ ምስ ዲያቆናትን ደቂ ዓድን ብምኻን መስቀል ኣምሪሖም ተቐበልዎም። ቤተ ክርስትያን ተሳሊሞም፡ ማይ ሰትዮም ድማ ናብቲ ተዳሊዩ ዝነበረ ዳስ ጽንብል ክኣትዉ እንከለዉ እቲ ድሮ ተኣኪቡ ዝነበረ ሕዝቢ እተን ቈሸታት ብዕልልታን ጣቕዒትን ተቐበሎም።

እቲ መደብ ብጸሎት ምስ ተጀመረ መእተዊ ቃል ብኣወሃሃድቲ እቲ መደብ ተነበ። ቀጺሎም መንእሰያት ደቂ ዓዲ፡ ነቲ እቶም ተማሃሮ ደቂ ዓዲ መባእታ ደረጃ ዛዚሞም። ናብ ዓዲ ተከሌዛን



ምስ ሓለፉ ዝረኽብዎ ጸገማት ኣነጺራ እተርኢ ``እስካቡሊ`` ዘርእስታ ድራማ ኣርእዮም። ከምኡ`ውን ነቲ ሓጎስ ዝገልጽ ግጥምታትን ሙዚቃን ይቐርብ ነይሩ። ክቡር ርእሰ መምህር ናይቲ ቤት ትምህርቲ ኃው ዑቕባይ ባህታ ድማ ሓጺርን ጽፉፍን ታሪኽ ናይታ ቤት ትምህርቲ ኣቕሪቡ። ብድሕር`ዚ ወከልቲ ናይተን ኣብዚ ጊዜ ተጠቀምቲ`ዚ ዕድል ዝኾና 7 ቈሸታት በብተራ ንዝተገብረሎም ድማዕ ኣመስጊኖም፡ ነቲ ተሰሪሑ ዘሎ ብጥንቃቐ ክሕዙ ቃል ኣትዮም፡ ካልእ ዘለዎም ህጹጽ ጠለባት ክግበረሎም ድማ ሓቲቶም። ከምኡ ድማ ኣማሓደርቲ

## ምርቓ ሓዲስ ሕንጻ ቤት ትምህርቲ ደብረ



# ዋዛ ምስ ቁምነገር

## ዛንታ ንጉሥን ወዲ-ንጉሥን

ሓደ መዓልቲ ወዲ-ንጉሥ ዓበደœሞ ኣነ ወዲቐየ¡ ዝብል መረዳእታ ሓዘ። ኩሉ ክዳውንቱ ኣውጺኡ ድማ ጥራዩ ኣብ ትሕቲ ጣውላ ኣተወ። ከም ደርሆ ከኣ ኣብ ምድሪቤት ዝወደቐ ርፍራፍ ኣርዩ ክበልዕ ጀመረ።

ነዚ ዝተዓዘበ ንጉስሥ፣ ብተግባር ወዱ ኣዝዩ ሰንበደን ኣብ ከቢድ ሻቕሎት ኣተወን። ንወዱ ድማ ካብ ትሕቲ ጣውላ ክወጽእ ኣትሪሩ ተወከሶ። እቲ ወዱ ግን ኣነ ወዲ ንጉሥ ኣይኮንኩን ወዲቐየ። ካብ ደርሆ ዝፈልየኒ ስለዘብለይ ድማ ካብዚ ዘለኽዎ ኣይወጽእንœየ። ደርሁ ብዘይ ክዳን ጥርሖም ክኾኑን ኣብ ምድሪቤት ዘወን ክብሉን መሰሎም ስለዝኾነ፣ ኣነ ድማ ከምኦም ኣብዚ ኣትየዮ ዘለኹ ጣውላ ኮይነ ዘወን ክብልየ¡ ክብል ንኣቦኡ ምስማዕ ኣበየ።

ብድሕሪœዚ ጭንቀት ንጉሥ ሰማይ ዓረገ። ንኹሎም ኣብ ንግሥነቱ ዝነበሩ ዝበለጹ ሓካይምን ክኢላታት ሰነ-ልቦናን ብህጹጽ መጺኦም ዝዓበደ ወዱ ክፍውስዎ መጸዋዕታ ለኣኸሎም። ነፍሲ ወከፎም ከኣ ዝተፈላለየ መድሃኒትን ፍታሕ ይኸውንœዩ ዝበልዎ ምኽሪን ሒዞሞ ናብ እንዳ ንጉሥ ደበኽ በሉ። ንምፍዋሱ ከኣ ሓያል ጻዕሪ ኣካየዱ። እንተኾነ ክፍውስዎ ኣይከሉን ኩሎም ፈሸሉ። ወዮ ወዲ ንጉሥ ኣነ ደርሆœየ¡ ኣብ ዝብል ርድኢት ጸንዐ ኣብ ምድሪቤት ዝወደቐ ርፍራፍ ምብላዕ ድማ ቀጸለ። ንጉሥ ዝሕዞን ዝጭብጦን ጠፍኦ።

ኣብ መወዳእታ ሓደ ለባም ሰብ መጺœሞ ንንጉሥ ክሕግዞ ከምዘኽእል ሓሳብ ኣቕረበ። ንጉሥ ድማ እዚ ብዝሰምዐ ኣዝዩ ተሓጎሰ። ንወዱ ካብቲ ሒዝዎ ዝነበረ ሕማም ክፍውሰሉ ድማ ተማሕጸኖ።

እቲ ለባም ሰብ ከምቲ ወዲ ንጉስ ዝገበሮ ክዳውንቱ ኣውጺኡ፣ ኣብ ውሽጢ ጣውላ ምስ ወዲ ንጉሥ ኣተወ። ከምቲ ወዲ ንጉሥ ድማ ኣብ ምድሪቤት ዝነበረ ርፍራፍ ኣርዩ ክበልዕ ጀመረ። ነዚ ዝተዓዘበ ወዲ ንጉስ ነቲ ለባም ሰብ መን ኢኻ?¡ ክብል ተወከሶ። እቲ ለባም ሰብ ኣነ ደርሆœየ¡ ክብል መለሰሉ።

ብድሕሪœዚ እቲ ለባም ሰብ ንንጉሥ ሰረ ውሽጢ ክድርብየሉ ምልክት ገበረሉ። ወዮ ንጉሥ ከምታ ዝተባህላ ስረ-ውሽጢ ደርበየሉ። እቲ ለባም ሰብ ከኣ ትቕብል ኣቢሉ ለበሶ። ነዚ ዝተዓዘበ ወዲ ንጉሥ እንታይ ደኣ ትገብር ኣለኻ፣ ደርሁ ስረ-ውሽጢ ይለብሱ ድዮም?¡ ክብል ነቲ ለባም ሰብ ተወከሶ። እቲ ለባም ሰብ ድማ ልክዕ ኣለኻ፣ ደርሁ ሰረ-ውሽጢ ኣይለብሱንœዮም። ኣነ ግን ደርሆ ክነሰይ ስረ-ውሽጢ ግን እለብስœየ። ንስኻ ድማ ንኣይ ክትመስል እንተደለኻ እነሀልካ ስረ-ውሽጢ ልበስ በሎ። ወዲ ንጉሥ ድማ ዘረባœቲ ለባም ሰብ ሰሚዑ ከም ዝተባህሎ ገበረ።

ብምቕጻል እቲ ለባም ሰብ ካምቻ ደርብየለይ¡ ክብል ደጊሙ ንንጉሥ ተወከሶ። ንጉሥœውን ካምቻ ደርበየሉ። እቲ ለባም ሰብ ከም ቀደሙ ነታ ዝተቐበላ ካምቻ ለበሳ። ወዮ ወዲ ንጉሥ ከኣ እንታይ ደኣ ትገብር ኣለኻ? ደርሁ እኮ ካምቻ ኣይክደኑንœዮም¡ ክብል ሓበሮ። እቲ ለባም ሰብ ድማ ሓቅኻ ኣለኻ ደርሁ ካምቻ ኣይክደኑንዮœም። ኣነ ግን ደርሆ ክነሰይ ካምቻ ግን እኸደንœየ። ንሰኻ ድማ እነሀልካ ካምቻ ተኸደን¡በሎ። ወዲ ንጉሥ ነቲ ለባም ሰብ ርእዩ ካምቻ ተኸደነ።

እቲ ለባም ሰብ ነዚ ሜላœዚ ክሳብœቲ ወዲ ንጉሥ ምሉእ ብምሉእ ክዳውንቱ ዝኸደንን ኣብ መንበሩ ተቐሚጡ ከም ወዲ ንጉሥ ክሳዕ ዝርኣን ቀጸሎ። ንወዮ ወዲ ንጉሥ ድማ ካብቲ ኣነ ተከዲነœየ ወይ ደርሆœየ¡ ዝብል መወዳእታ ኣውጺኡ ናብቲ ሓቀይና መንነቱ ዝኾነ ናይ ንግሥነት ቦታ ኣደየቦ። ወዮ ንጉስ ድማ ብጥበብ ናይቲ ለባም ሰብ ኣዝዩ ተደነቐ። ንወዱ ወዲ ንጉሥ መሲሉ ምስ ረኣዮ ከኣ ወዲ ንጉሥ መሲሉ ዝተራእየ ወዲ-ንጉሥ ብሓቂ ወዲ ንጉሥœዩ¡ ከኣ በለ።

### ትምህርቲ

ካብዛ ዛንታ ብዙሕ ኢና እንመሃር። ኣብ ሕይወት ብኸመይ ንርእሰና ንጥምታ እቲ ወሳኒ ነገር ምኻንœዩ። እቲ ንምንታይ ከምቲ ንርእሰና ንጥምታ ኮይንና ኢና እንርኣን እነመላለስን። እቲ ወዲ ንጉስ ንርእሱ ከም ሓደ ዝወደቐ ሰብ (እንስሳ)ገይሩ ስለዝጠመታ፣ ወዲ ንጉሥ ምኻኑ ምቕባል ኣብዩዎ። ዳሕራይ ግን ሳላœቲ ለባም ሰብ ናብቲ ሓቀኛ መንነቱ ተመሊሱ ከም ወዲ ንጉሥ ክነብር፣ ከም ወዲ ንጉሥ ክሓስብ ጀሚሩ።

ሰለዚ ሽሕ ግዜ ጸገማት የጋጥመካ ሃዲእካ ክትፈትሖ ከምእትኽእል ክትኣምን ኣለካ። ብብድሆታትን ጸገማትን ቀልጢፍካ ክትድሃል ኣይግባእን። ካልእከ እንይታ ክንመሃር ንኽእል?

(ካብ መጽሔት ኣግእዞ ቁ.19)

ንስኻትኩም ግን ዕብየት ናይቲ ካብ ጸልማት ናብቲ ዜገርም ብርሃኑ ዝጸውዓኩም ምእንቲ ኽትነግሩ ኅሩይ ወለዶ፣ ናይ ብጉሥ ካህናት ቅዱስ ሕዝቢ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ሕዝቢ ኢኹም። ንስኻትኩም ቀደም ሕዝቢ ኣይነበርኩምን ሕጂ ግና ሕዝቢ ኣምላኽ ኢኹም። ቅድም ምሕረት ኣይረኸብኩምን ነበርኩም ሕጂ ግን ተማሒርኩም ኢኹም። (1ጽጥ.2፣ 9-10)

# እታ ሓደ ግዜ ተቓጺላ፣ ንሓዋሩ ዘይበረሰት ሰባብ ዳንዴር

ካብ ሓዊ ዝተርፍ የልቦን ይበሃል። እወ ብሓቂ ከኣ ህሙኽ ኣቢሉ ናብ ሓመኹስቲ ናይ ምቕያርን ምጽናትን ሓይሊ ኣለዎ። ንመረዳእታ፣ ብወርሒ ሰነ ኣብ ሎንዶን ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ሓደ ደርቢ ዘጋጠመ ከቢድ ባርዕ ሓውን ዘስዓቦ ክሳራታትን ሓደ ኣብነት እዩ።
እግዚኣብሔር ንዝሓነጾን ንዘጸበቖን ተግባረ ፍጥረት ኃጢኣት ብኣና ገቢራ ክተፍርሶ፣ ነቶም ዘፍርሱዎ ሰባት ከኣ፣ ብብልሓ ጌራ እናወግኣት ተሳቕዮም። እታ ዳንዴር እዚኣ እያ። ኦ ሞት ኣበይ ኣሎ ዓወትካ፣ ብልሕኻ?¡ እኳ (1ቆሮ.15፣55) እንተ ተባህለ፣ ዳግም ተሳሒላ ወወጊኣ፣ ወይ ጠጠቢሓ እተሳቒ ሓይሊ ዝርከባ ምኽና፣ ኣብ ነናይ ገዛእ ርእስና ግላውን ኃባራውን ውሳጣዊ ታሪኽ እንረጋግጾ ክዉን ሓቂ እዩ።

እሾኽ ዳንዴር! ዳንዴር ዶ ዘይፈልጥ ከይህልወና ኮይኑ? ብዝኾነ ሓደ ዓይነት ኣሻኽ ጻህያይ ምስ እኽሊ ዝበቁል፣ ዘይተደላዪ ዓይነት ተኽሊ እዩ። ኣብቲ እኽሊ ተረኺቡ ከኣ፣ ምኽንያት ስቓይ ኮይኑ ዝርከብ እዩ። ብኣምሳላዊ ገጹ፣ እዛ ዳንዴርœዚኣ ኃጢኣት እያ፣፣
ኃጢኣት ከ ማለት እንታይ ማለት እዩ? ናይ 10 ሕጊ ኣምላኽን፣ ናይ 6 ሕጊ ቤተ-ክርስቲያንን፣ ናይ ሕጊ ሕልናን ጥሕሰት / Transgration/ እዩ።
ኣብ ናእሽቱ ሕጻናት እንዕዘቦ ድሮ ዝተመሓደረ ጠጥዒ ኃጢኣት ብከመይ ይጠፍእ?

ብመሠረት ናይœቲ ዝተመሃርናዮን ብቀጻሊ እንመሃሮን ትምህርተ-ክርስቶስና እንክረኣ፣ ናይ ኣዳም ኃጢኣት ብምሥጢረ-ጥምቀት፣ ናይ ባዕልና ኃጢኣት ከኣ፣ ብምሥጢረ-ንሥሓ ይጠፍእ።

ከምቲ ንሓደ ወረቐት ሓዊ ጨሪሱ ዘጥፍኦ፣ ንናይ ኣዳም ኃጢኣት፣ ጥምቀት፣ ንናይ ባዕልና ኃጢኣት ከኣ፣ ምሥጢረ-ንሥሓ እዩ ዘጥፍኦ። ሓደ ምሥጢር ግን ኣሎ። ዝምባሌ ኃጢኣት ምህላዉ እዩ። ኮንኩፒሸንስ /Concupiscence/ ይበሃል። Concupiscence” ማለት ክልተ ትርጉም ዘለዎ እዩ።

1ይ ስምዒታዊ ባህጊ ወይ ሸውሃት ናይ ሰብ እንክኸውን፣
2ይ ናብ ክፉእ ኣቢሉ፣ (ብፍላይ ከኣ፣ ናብ ንጹሕ ዘይኮነ ነገራት) ዘዘምብለካ ኩነት ማለት እዩ።¡(Robert C.Broderick, A to Z guide to the Catholic Faith. Thomas Nelson publishers Atlanta 2005ገጽ 142 1ይ ዓምዲ)
ብዛዕባ ዝንባለ ኃጢኣት፣ እዚ ኢልካ ክትዛረበሉ ኣጸጋሚ እዩ። ካብ ህላዌ ሠይጣንን፣ ካብ ዝንባሌ ናይ ኃጢኣትን፣ ካብ ድላይ ሥጋን ስሕበት ዓለምን ፈተና ሠይጣንን፣ ናጻ ክንከውንን ኣይንኽእልን። እቲ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ ውግእን ባእስን ካበይ ድዩ ዝመጽእ ዘሎ? ካብቲ ኣብ ውሽጥኹም ኮይኑ ዝዋጋእ ዘሎ ፍትወት ሥጋኩም ዶ ኣይኮነን?¡(ያዕ.4፣1) ገለ ክጥቀሱ ካብ ዝኽእሉ ኣብነታት፦

- ⇒ ዘይናትና ንብረት ምስ ረኣና፣ ክንወስዶ ምድላይ፤
- ⇒ ንዝተጻረፉና ሰባት ክንጸርፎምን፣ ዕጽፊ ክንምልሰሎምን ምድላይናን፤
- ⇒ ብሥጋዊ ስምዒት ተደፊኣና፣ ናብ ኃጢኣት ኣቢልና ምዝምባል፣
- ⇒ ኣብ ግዜ ጸሎት እናገበርና ከሎና፣ ናብ ትህኪትን ድቃስን ምዝምባል፣‰‰..
- ⇒ እዝን ካልእን‰.. ንህላዌ ዝምባለ ኃጢኣት ይገልጹልና።

ብቀጻሊ ነዛ ድላይœዚኣ ተኸቲልካ ምኻድ ማለት፣ ንሞት ምምራጽ ስለዝኸውን፣ ብስለትን ልቦናን ፍርሓት ኣምላኽ ምሓዝ የድሊ።

እታ ምሥጢር ዓወት ኣብ ንድላይን ስምዒትን ኃጢኣት ምቅዋምን ምግዳልን ንእግዚኣብሔር ምውናንን እያ። ቅዱስ ቪንቸንስዮስ በዓል ጳውሊ፣ ናይ ወድ-ሰብ ክልተ ዓይነት ስምዒታት ምህላዎም ይጠቅስ። እቲ ዝለዓለ (ሠናይ ስምዒት) ንሰብ፣ ንእግዚኣብሔር የምስሎ። ብኣንጻሩ ከኣ፣ እቲ ዝተሓተ ስምዒት (ክፉእ ስምዒት) ከኣ፣ ንሠይጣን የምስሎ።¡ ይብል።

ኣብ ውሽጢ ደምና ዘርኢ ቡራኬን ዘርኢ ምርቓንœኳ እንተሎና፣ ክንርድኦ ብዘይንኽእል፣ ምስ ሓያል ባህግን ውሳጣዊ ስሕበትን ምህላዉ ቅዱሳት ጽሑፋት ብንጹር ኣሚቶምልና ይርከቡ። ነቲ ዝገብሮ ኣይፈልጦን እየ። ከመይ ነቲ ዝጸልኦ እየ ዝገብሮ ዘለኹ እምበር፣ ነቲ ዝድልዮ ኣይኮንኩን ዝገብሮ ዘለኹ። ነቲ ኣነ ዝደልዮ ካብ ዘይግብር ግን፣ እቲ ሕጊ ሠናይ ምኻኑ እምስክር ኣለኹ፣፣ እምበኣር እቲ ኣባይ ሓዲሩ ዘሎ ኃጢኣት እዩ ዝገብሮ ዘሎ እምበር፣ ኣነ ኣይኮንኩን። ሠናይ ንምግባር ደኣ ድልየት ኣሎኒœእምበር፣ ምግባረ-ሠናይስ የብለይን።‰.. ካብዚ ናብ ሞት ኣቢሉ ዝወስድ ሥጋስ፣ መን ኮን ከድሕነኒ እዩ?¡(*ሮማ 7፣14-ፍ*) እታ ካብዚ ክተውጽና እትኽእል ብልጽቲ መጋበሪ፣ ንድላይ ኣምላኽ ምፍጻም እያ። ኦ ኣምላኽ እንሆ ድላይካ ክፍጽም መጺአ ኣለኹ። (*ዕብራ.10፣9*)ብምባል ቁርጺ ፍቓድ ክንውስኽሉ ይግባእ።

*ሎሚ ከም ሎሚ፣ ንንግሥነት ኃጢኣት ብከመይ ኢና ንመዝና ወይ ንግምግማ? ምልክታቱ ኸ እንታይ ንርኢ? ብናይ ሎሚ ዝግበር ዘሎ ዓይነት ኃጢኣት እስከ ንዘርዝር።*
*ምትላል፣ ምቕታል፣ ምዕማጽ ምዝራፍ፣ ዝሙትን ምንዝርናን ሳዕቤናቶምን፣ እምቢትነት፣ ጉድለት እምነት ኣብ ኣምላኽ፣‰.. እዚ ኩሉ ኃጢኣት እዩ፣፣ ሞት እዩ ዝፈሪ። ኃጢኣት ምፍንጫላትን ምክፍፋልን ኮይና፣ ዕንወት ዓሌት ደቂ ሰባት እያ።¡(ልሂቅ ር.ሊ.ጳ. ኣባ በነዲክቶስ መ/16 Spe salvi n.14)* ቀጺሎም ንሞት እንክገልጹ፣ ሞት ካብ ፈለማ ኣካል ናይ ባሕርይ ኣይነበረትን፣ ሕጂ ግን ኣካል ባህርይ ኮይና ትርከብ ኣላ¡ ይብሉ።(*ጥቓስ ቁ.10*)

*ናይ ሓደ ክርስቲያን ጸጋ ዝመልአ ሕይወት፦* ከም ክርስቲያን መጠን ብመንፈስን ዕላማን ናይ ኢየሱስ መሥራቲና፣ ንኃጢኣት ቦታ ክወሃባ ኣይሕሰብን እዩ። እኳ ደኣ፣ ብሱታፌ ምሥጢረ-ንሥሓ፣ ብሓፈሻዊ ኑዛዜ ገቢርካ ምብንቋሳን፣ ዳግም ንከይትጥጥዕ፣ ብቀጻሊ ጸሎትን ስግደት ቅዱስ ቁርባንን ብመንፈስ ተጋድሎን ብዝህልወና ናይ ቁርጺ ፍቓዳትን ተጸምዶን ዕድል ከይሃብካ ግቡእካ ንክትፍጽም ምንባር እዩ። ዕድል እንተረኺባ ከኣ፣ ብዝተፈላለዩ መዓጹዓ እናኣተወት ካብ ሥቅያትና ክሳብ ምጽናትና ከምእትሕልን ክንዝግዩ ኣይግባእን።

ብሓቂ ክንፈልጦ ዘሎና፣ ምስ ሠይጣንን ኃጢኣትን ዝህልወና ቃልሲ፣ ናይ ሕይወትና ምሉእ ቃልሲ ምኻኑ እዩ። እፎይታ ዝህብ ግዜ የብልናን። ይትረፍ ዶ ዕድል ሂብናዮስ፣ በታ ዝዘንጋዕናላ ደቒቕ፣ ድሮ በቲ ክፉእ መንፈስ ተጠቒዕና ኣሎና ማለት እዩ። ባዕልና ዕድል ክሳብ ዘይሃብናያ፣ ኃጢኣት ኣባና ክትኣቱ ኣይትኽእልን፣ መሰልœውን የብላን። ብመሠረቱ ንሕና ቦታ ጽድቂ እምበር፣ ቦታ ኃጢኣት ክንከውን እግዚኣብሔር ኣይፈቐዶን፣ ንሕናœውን ኣይንሰምረሉን። ከመይ ንሕና፣ ቤት እግዚኣብሔር ኢና¡(*ዕብ.3፣6*)።


እምበኣር፣ እዛ ዳንዴርœዚኣ ክሳብ ዘላ፣ ቀሲና ክንካየድ ኣይግባእን። ከም ክርስቲያን ኣመንቲ ክስ፣ ኣሰር ክርስቶስ ብምኽታል፣ (ናይ ወንጌልን ናይ ጸሎትን ሰባት ብምኻን ጥራሕ) ኢና ካብዛ ዳንዴር›ዚኣ ክንሕሎን፣ ብጸጋ ኣምላኽ ዝተመላእና እንኸውንን። ብኣንጻሩ ከኣ፣ <ንሠይጣን ኣይትሃቦ ሥልጣን> እናተባህለ ዕድል እንተ ሂብናዮ፣ ቦታ ኃጢኣት ንኸውን። ዓመጻን ኃጢኣትን እንተደኣ ዓብዩ፣ ጸርፍን ግፍዕን ኩሉ ግብርን ዕንወትን ኣበሳን ርኽሰትን እንተደኣ ዓብዩ ከኣ፣ ካብ ሰማይ ኣብ ልዕሊ ኩሎም እዚኣቶም ዓቢይ መቕዘፍቲ ክኸውን እዩ¡(ሄኖክ ነቢይ 34፣42)።
ንእሽቶ ጻዕሪ ሰኣን ምግባር፣ ኣብ ዓቢይ ክሳራ ናይ ሕይወት ከምዝእቶ ኣይንዘንግዕ፣፣ ንድኅነት ነፍስና ንሓስብ እንተኮይንና፣ ኣንጻር ኃጢኣት ከይተቓለስና ኣይክኾነልናን እዩ። ስለዚ ካብ ትህኪት ንተሓሎ¡(2ተሰሎ.3፣6-10)።

*ኣባ ሃይለ ተስፋማርያም ውመ*
*ወርኂ ሰነ 2009 ግዕዝ / 2017 ፈረ./*

## ሓዳስ መጽሓፍ

### ኃጺር ታሪኽ ኣርእስተ ሊቃነ ጳጳሳት
### SHORT HISTORY OF THE POPES FROM ST. PETER TO POPE RFANCIS
### ኣባ ቴዎድሮስ ገብረትንሣኤ

እዛ በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣርእስቲ ብክቡር ኣባ ቴድሮስ ገብረትንሣኤ ዘማኅበረ ሲታውያን ዝተጻሕፈት፣ ካብ ቅ.ጴጥሮስ (33-67 ዓ.ም) ጀሚሩ ክሳዕ እዞም ሎሚ ንቤተክርስትያን ብዓቢይ ትግሃትን ትሕትናን ዝመርሑ ዘለዉ ር.ሊ.ጳ ፍራንቸስኮስ ሓጺር ታሪኽ ሕይወቶም እተዘንቱ መጽሓፍ ኢያ።ካብ ቅዱስ ጴጥሮስ ክሳዕ ር.ሊ.ጳ 266 ኣርእስተ ሊቃነ ጳጳሳት በጺሖም ኣለዉ። ነፍሰወከፎም ከመይ ነይሮም እንታይ ገይሮም ብከመይœከ ካብዛ ዓለም ተፋንዮም ብሓጺር ኣገባብ ኣብዛ መጽሓፍ ተገሊጹ ኣሎ።




እዚ መጽሓፍቲœዚ ዝሓለፈ ልዕሊ 2000 ዓመት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዝሓለፈቶ ሕይወት ብመጠኑ ዘንጸባርቕ ብምኻኑ ከኣ ሓደ ኣበርክቶ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስቲያንœውን ኢዩ። በዚ ኣርእስቲœዚ ብቛንቛና ዝተጻሕፈ ስለዘየለ ከኣ ዝያዳ ኣገዳሲት መጽሓፍ ይገብራ።

**ናይ ሓደ ክርስቲያን ጸጋ ዝመልአ ሕይወት፦ ከም ክርስቲያን መጠን ብመንፈስን ዕላማን ናይ ኢየሱስ መሥራቲና፣ ንኃጢኣት ቦታ ክወሃባ ኣይሕሰብን እዩ። እኳ ደኣ፣ ብሱታፌ ምሥጢረ-ንሥሓ፣ ብሓፈሻዊ ኑዛዜ ገቢርካ ምብንቋሳን፣ ዳግም ንከይትጥጥዕ፣ ብቀጻሊ ጸሎትን ስግደት ቅዱስ ቁርባንን ብመንፈስ ተጋድሎን ብዝህልወና ናይ ቁርጺ ፍቓዳትን ተጸምዶን ዕድል ከይሃብካ ግቡእካ ንክትፍጽም ምንባር እዩ። ዕድል እንተረኺባ ከኣ፣ ብዝተፈላለዩ መዓጹዓ እናኣተወት ካብ ሥቅያትና ክሳብ ምጽናትና ከምእትሕልን ክንዝግዩ ኣይግባእን።**

## ብሩራዊ ኢዮቤል ክህነት

ህየንተ ጳጳስን ቆሞስ ርእሰ ኣድባራት፣ ኪዳነ ምሕረትን ክቡር ኣባ ከሰተ ገ/ዮሓንስ ብዕለት 29 ሓምለ 2017 ዓ.ም ናይ ክህነታዊ ኣገልግሎቶም መበል 25 ዓመት ብሩራዊ ኢዮቤል ብብፁዕ ሊቀጳጳትን ብዙሓት ካህናት ምእመናንን ቤተሰብን ተሰንዮም ብመስዋዕተ ምስጋና፣ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት ኣብዒሎም።
ኣብዚ መስዋዕተ ቅዳሴ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ



ተስፋማርያም ድሕሪ ንባብ ቅዱስ ወንጌል ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት፣ ሎሚ ክቡር ኣባ ከሰተ ምስ ሓምሻይ ርእሶም (ብጾቶም ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ዘሎዉ) ክህነት ዝተቐበልሉ መበል 25 ዓመት ክዝክሩን ከመስግኑን ከለዉ ምሳይ ሓቢርኩም ንኣምላኽ ኣመስግኑ ስለዝበሉና ኢና ኣብዚ እንርከብ ዘሎናœሞ በቲ ኩሉ ኣምላኽ ዝገበረሎም ምስኦም ኮይና ተዓብዮ ነፍስየ¡ ቢልና እናመስገና ንክህነቶም ባሪኹ፣ ኣብ ኩሉ ተልእኮም ከሰንዮም ኃይልን ክእለትን ክህቦም ንጸልየሎም ኢሎም።

ቀጺሎም ከኣ በዓለ ቅ.ገብርኤል ብምንባሩ፣ እቲ ሰላምታ ቅ.ገብርኤል ናብ እግዚእትነ ማርያምን ምብጻሕ እግዚእንትነ ማርያም ናብ ቅ.ኤልሳቤጥን ጠቒሶም፣ እግዚእትነ ማርያም መድኃኔ ዓለም ኣብ ከርሳ ምስ ሓደረ ክትዕድሎ ጀመረት፣ ከተበሥር ጀመረት፣ ካህን ከኣ ከም እግዚእትነ ማርያም ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ¡ ምስ በለ ናቱ ኣይኮነን። ናይ ወንጌል፣ ናይ ቤተክርስቲያን፣ ናይ ሕዝቢ ኢዩ። ካህን ነቲ ኢየሱስ ክስዕበኒ ዝደሊ ነፍሱ ይመንን፣ መስቀሉ ኣልዒሉ ድማ ይስዓበኒ¡ ዝበሎ ምስ ተቐበለ ካብታ ክህነት ዝተቐበለላ ጀሚሩ ንክርስቶስ ከፍልጥ፣ ምስ ሰባት ክራክብ፣ ምስጢራት ክዕድል፣ ነቶም ዝረሓቁ ከቕርብ፣ ቃል ሕይወት፣ ቃል ድኅነት ክዕድል ዝተጸውዐ ኢዩ፣ ኢሎም። ንኣባ ከሰተ እንቛዕ ኣብዚ ኣብቅዓኩም ንወርቃዊ ኢዮቤል ከኣ የብቅዕኩም ብምባል ሰብከቶም ዛዚሙ።

ኣብ መወዳእታ ቅዳሴ ከኣ ክቡር ኣባ ከሰተ ነቶም ብ12 ሓምለ 1992 ብኢ.ድ ብፁዕ ኣቡነ ዘካርያስ ክህነት ዝተቐበሉ ብጾቶም ኣባ በይን ገብሩ (ካህን ሰበኻ) ኣባ ተኽለማርያም ገ/ሚካኤል፣ ኣባ ዘርኣያቆብ ዑ/ሚካኤል ኣባ ሃይለሥላሴ በየነን(ማ.ን.ኣ ካፑቺኒ) ንዝሐለፈ ጉዕዞ 25 ዓመተን ዘኺሮም፣ ካብ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ጀሚሮም ምስኦም ሓቢሮም ንኣምላኽ ዘመስገኑ ካህናትን ደናግልን ምእመናናን ኣመስጊኖም።

ክቡር ኣባ ከሰተ ኣብ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ኣብቲ ቤተክርስቲያን ዝመዘዘቶም ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ማለት፣ ቆሞስ፣ ጸሓፊ ጳጳስ፣ ሓለቓ ዓበይ ዘርኣክህነት፣ ዋና ጸሓፊ ካ.ቤ.ር.ኤ.ኣ፣ መምህር ሕገ-ቆኖና ወዘተ... ኮይኖም ዘገልግሉ ወፋይን ምቕሉልን ካህን ኢዮም።